# መእተዊ ንላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን

- ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን እንታይ እዩ?
- ናትካ ምርጫ እንታይ እዮም?
- ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት እንታይ ተማሂርካ?

ክትመርጽም ካብ እትኽእል ምርጫታት ከምኡ እውን ክትግበር ዝኽእል ሕግታት ኣጽንዑ። ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ንምምራጽ ክቐለኩም ይኽእል እዩ

# ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን እንታይ ማለት እዩ?



ናይ 10 ዓመት ትምህርቲ ምስ ዛዘሙ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ክወስዱ ይኽእሉ፡፡

- ንላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን በኣካል ተረኺብኩም ክተመልክቱ ይግባእ፡፡
- ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ኣብቲ ናይ መመልከቲ ምልኡ፡፡
- ካብቶም ዝተመረፁ ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ብሓዲኡ ተቀባልነት ትረክብ፡፡

# ኣየናይ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ምመረፅካ?

ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ 13 ዝኣኽሉ ክትመርፆም እትኽእል ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ኣለው" እቶም ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ኣብ ዘተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ መደባት ዝተጠመሩ እዮም፥ ንኣብነት ኣብ ስፖርትን እካላዊ ጥንካረን፥ ሙብራህቲን ኤሌክትሮኒክስን፥ ግብርናን፥ ምርባሕ ዓሳን ስነ እፅዋትን" ኣየናይ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ንዓኹም ከም ዝምችው ምስ ድልየትኩም ዝኸድን ክትፈልዩ ይግባእ፡፡

**ሓፈሻዊ መፅናዕቲ ወይ ሞያዊ ትምህርቲ?**

ኣብ ሞንጎ ሓፈሻዊ መፅናዕቲን ሞያዊ ትምህርቲ ኣፈላላይ ጌርናሎም ኢና"

- ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኮሌጅ ወይም ዩኒቨርሲቲ ቡዙሓት መፅናዕትታት ብምውሳድ ባዕልኻ ምርኣይ ይካኣል እዩ? ሓፈሻዊ መፅናዕትታት ንዝላዓለ ትምህርቲ የዳልውኻ" 5 ናይ ሓፈሻዊ መፅናዕቲ ትምህርትን ፕሮግራማትን ኣለው፡፡
- ድሕሪ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ናይ ተግባር ሞያዊ ስልጠና ክትወስድ ትደሊ ዶ? ሞያዊ ስልጠና ናይ ሞያ ብቕዓት መረጋገፂ ስለ ዝህበካ ናብ ናይ ስራሕ ዓልም ክትኣትው ትኽእል ኢኻ" 8 ናይ ሞያ ስልጠና ፕሮግራማት ኣለው፡፡
- ናይ ሞያ ትምህርቲ እንድሕር መሪፆኩም፣ ድሕሪ ናይ ሞያ ትምህርቲኹም ምውዳእን ስልጠናኹም ድሕሪ ምሕላፍን ብዙሕ ትምህርቲ ናይ ምውሳድን ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስኻዕን ዕድል ይህልወኩም፡፡

**እንታይ ክትመርፁ ከም ትደልዩ እርግፀኛታት ኣይኮንኩምን ዲኹም?**

- ምስ ናይ ትምህርቲን ሞያን መማኸርቲ ኣብ ትምህርቲ ቤትኩም ብዛዕባ ኣየናይ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ንዓኹኦም ፅቡቅ ከም ዝኾነ ተዘራረቡ፡፡
- ድሌትኩም ክተቐምጥሎም ትኽእሉ ናይ ኢንተርነት ሓገዛት አለዉ" ንምንታይ እቲ ፈተና ዘይትፍትንዎ "እንታይ ከም ዝስማዓኩም?";እቶም ሕቶታት አብ ናይ vilbli.no ናይ መጀመርያ ገፃት ክትረኽብዎም ትኽእሉ" እንታይ ዓይነት

ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ብምፍታን ክትጅምሩ ከም እትኽእሉ ፍንጪ ይህበኩም::

# 15 ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዝተፈላለዩ መማረፅታት ይህቡ


## 5 ሓፈሻዊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት



ሓፈሻዊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዝለዓለ ትምህርቲ ክትወስዱ ንእትደልዩ እዩ፣ ንኣብነት መምህር፣ ነርስ ወይ ጠበቓ ንክትኾኑ"

- ካብ 5 ሓፈሻዊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ምረፁ"
- መብዛሕትኦም ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ፅንዓታት ዝተለመዱ«ምንባብ ዓይነት ትምህርቲታት» ንኣብነት ኖርዌይኛ& ሒሳብ& ማሕበረ ሰባዊ ፅንዓታት& ታሪኽ& ተፈጥሮኣዊ መፅናዕትታትን ናይ ወፃኢ ቋንቋን
- ብተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ዓይነት ትምህርቲታት ኣለዉኹም& ንኣብነት ሙዚቃ& ዓበይቲ ዝደረጅኦም ስፖርትታት ወይ ፊዚክስ
- ኣብ ትምህርቲ ቤት ሰለስተ ዓመታት እንድሕር ሓሊፍኩምን ኣጠናቒቕኩምን& ናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲ መእታዊ ምስክር ወረቐት ተሳኺዑ"
- ኣብ ዩኒቨርሲቲን ኮሌጅን ዝለዓለ ትምህርቲ ንምምሃር ንዝቐርብ ማመልከቻ ናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ክህልወኩም ኣለዎ"

<ጠንካራ>ሓፈሻዊ ፅንዓታትናብ <ጠንካራ>ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት




**ብዛዕባ ዘማርፁሎም ናይ ትመህርቲ ፕሮግራማት ኣንብቡ :**

- ስፖርትን ናይ ኣካላዊ ጥንካረ ትምህርቲን
- ስነ ጥበብ፣ ንድፊን ስነ ህንፃን
- ሚድያን ርክብን
- ሙዚቃ፣ ሳዕስዒትን ተዋስኦን
- ሓፈሻዊመፅናዕትታት

# ሓፈሻዊ መፅናዕትታት



## ሓደ ፍሉይ ትምህርቲ ምረጽ

- ናይ ተፈጥሮ ሳይንስን ሒሳብን
- ቋንቋ, ናይ ማሕበረተሰብ ሳይንስን ስነ ቁጠባን

# እዚ ትመሃሩ

ብናይ ትምህርቲ ምርጫኹም መሰረት :

- ሒሳብን ካልኦት ናይ ተፈጥሮ ሳይንስን
- ምምሕዳርን ስነ ቁጠባን
- ታሪኽ፣ ፖለቲካን ስነ ኣእምሮን
- ቋንቋ
- ካልኦት ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ

# ክትኾን ዘለካ

- ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ ንምምሃር ድልየት ዘለዎ
- ሕብረት፣ ቁሉምን ነቲ ትልሚ ተገዛኣይ ሙኻንን
- ኣብ ፅሑፍን ሒሳብን ድልየት ዘለዎም
- ኣብ ባህልን ማሕበራዊ ጉዳያት ድልየት ዘለዎ

# የሳኽዑ

- ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ዝተወሰደ ላዕለዋይ ትምህርቲ

## ዝላዓለ ትምህርቲ እንተወሲድኩም፣ ትኽእሉ ኢኹም፣ ካብ ካልኦት

- ነርስ፣ ዶክተር ወይ ናይ እንስሳት ሓኪም
- ኢንጅነር፣ ናይ ሕጊ ሙሁርን ናይ ስነ ቁጠባ ምሁሩን
- መምህር፣ ናይ ስነ ኣእምሮ ምሁር ወይ ስራሕ መካየዲ
  ንኻሊእ ሞያ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ ብሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ናብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርሲታት ኮነ ኮሌጅ ምምልካት ይካኣል እዩ።

## ምናልባት ናይ ስራሕ ቦታ

- ሆስፒታል፣ ፍርድ ቤት፣ ፖሊስ ጣብያ ወይ ናይ መዘጋጃቤት ምምሕዳር
- ጠበቓ፣ መማኸርቲ ወይ ናይ እንጂነሪንግ ድርጅታት ;
- መዋእለ ህፃናት፣ ትምህርትቤታት ወይ ዩኒቨርሲቲታት

# ሙዚቃ፣ ሳዕስዒትን ተዋስኦን



## ብፍሉይ ከተጽንዖ እትደልዮ

- ሳዕሲዒት
- ተዋስኦ
- ሙዚቃ

# እዚ ትመሃር

ብመሰረት ዝመረጽካዮ ዓይነት ትምህርቲ:

- ናይ ሙዚቃ ትርኢት ብውልቀን ምስ ካልኦት ዝግበር ጸወታ
- ናይ ሳዕሳዒት ተርኢት፣ ናይ ሳዕስዒት ክእለታትን ኣሰልጣናይን
- ናይ ተዋስኦ ክእለት፣ ዳይሬክቲንግን ናይ ትያትር ስራሕቲ
- ናይ ፈጠራ ክእለትካ ብዝበለጸ ምዕባይ
- ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ

# ክኾኑ ዘለዎም

ብዘለዎም ናይ ትምህርቲ ፍልጠት መሰረት:

- ሙዚቃ ዘድንቕ፣ ኣብ ምድራፍ ንፉዕ ዝኾነ ወይ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ክጻወት ዝኽእል
- ኣብ ሳዕስዒት ንፉዕ ዘኾነ
- ኣብ መድረኽ ምረኢት ክርኢ ድልየት ዘለዎ
- ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ብዙሕ ንምልምማድ ድልየት ዘለዎ፣ ኣብ ትምህርቲ ሰዓት ኮነ ካብ ትምህርቲ ሰዓት ወጻኢ
- መሃዝነት
  ፍርቂ ሕቶም ተመሃሮ ናይ Vg1 ብመእተዊ ፈተና ወይ ናይ ክእለት መዝገቦም ተራእዩ ክምዝገቡ ይኽእሉ።

# መወዳእታ ተማዕብሎ

- ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ተወሳኺ ደረጃ ትምህርቲን ክትወስድ ትኽእል።

## ዝላዓለ ትምህርቲ እንተወሲድኩም፣ ገለ ካብቶም ክትኮንዎም ትኽእሉ ሞያታት፥

- ሳዕሳዓይ፣ ኪሮግራፈር ወይ ናይ ሳዕሲዒት መምህር
- ደረፊ፣ ናይ ሙዚቃ መምህር ወይ ናይ ሙዚቃ ኪኢላ
- ተዋሳኣይ፣ ናይ ድራማ ቦታ ነዳፊ
  ብተወሳኺ ኻሊእ ሞያዊ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ --ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬት እንተለካ ናብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዩኒቨርሲታት ኮነ ኮሌጅ ምምልካት ይካኣል እዩ።

## ናይ ስራሕ ቦታ ክኾኑ ዝኽእሉ

- ተውኔት ወይ ቲያትር
- ናይ ሙዚቃ ጉጅለ፣ ሙዚቃ ዝድገሰሉ ኣዳራሽ ወይ ባንድ
- ገዛ ይኹን ትምህርቲቤታትን ምክንኻን

# ሚድያን ርክብን



## እዚ ትመሃሩ

- ብ ጽሓፋት ÷ድምጺ ይኹን ስእልታት ናይ ምትራኽ ክእለት
- ብዛዕባ ናይ ሚድያ ጽልዋ፣ ናይ ሚድያ ታሪኽን ጋዜጠኛነት
- መልእኽቲታት፣ ኣገላልፃታትን ኣቀማምጠታትን ቅርጺ ምትሓዝ
- ናይ ስርዓት ጥቅሚ፣ ቀለምን ናይ መብራህትታት ውጽኢትን
- ናይ ዲጂታል ዓቕሚ ናብ ዝለዓለ ምዕባይ
- ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ

## ክትኮኖ ዘለካ

- ኣብ ጽሑፍ ይኹን ናይ ቃል አገላልጻክህልወካ ኣለዎ
- ናይ ስነ ጽባቀ ስምዒትን ጽቡቅ ቀለም ምልላይ
- ኣብ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂን ዲጂታል ሚድያን ድለየት

## መወዳእታ ተማዕብሎ

- ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ተወሳኺ ደረጃ ትምህርቲን ክትወስድ ትኽእል።

### ዝላዓለ ትምህርቲ እንተወሲድኩም፣ ገለ ካብቶም ክትኮንዎም ትኽእሉ ሞያታት÷

- ጋዜጠኛ፣ጸሓፊ ቅዳሕ ወይ ትሕዝቶ ሰራሒ
- ናይ መርበብ ነዳፊ፣ ናይ ርክብ ነዳፊ ወይ ናይ ጸወታታት ነዳፊ
- ናይ ድምጺ ኪኢላ ወይ መምረቲ ፊልምን ድምጽን
- ናይ ርክብ ኣማኻሪ ወይ ናይ ሚድያን ማሕበረሰብ ኣማኻሪ ብተወሳኺ ኻሊእ ሞያዊ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ --ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬት እነተለካ ናብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዩኒቨርሲታት ኮነ ኮሌጅ ምምልካት ይካኣል እዩ።

### ናይ ስራሕ ቦታ ክኾኑ ዝኽእሉ

- ጋዜጣ ወይ መጽሄት
- ናይ ሌላ ወኪል ወይ ናይ መራኸብቲ ወኪል
- ናይ ምህርቲ ድርጅታት ወይ መራኸብቲ ድርጅታት
- ናይ ህዝቢ ድርጅታት

# ስነ ጥበብ፣ ንድፊን ስነ ህንጻን



## እዚ ትመሃሩ

- ምስኣል
- ዝተፈላለዩ ኣቅሓታት ቅርጺ ምንዳፍ
- ናይ ፈጠራ ክእለትካ ብዝበለጸ ምዕባይ
- ብዛዕባ ስነ ጥበብን ባህልን
- ባዛዕባ ምዕባለ ከባብን ከተማታት
- ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ

## ክትኮኖ ዘለካ

- ግዱስ ኣብ ምስኣል
- መሃዛይ
- ኣብ ንድፊን፣ ቅርጽን ቅብኣን ድልየት ዘለዎ
- ተፈጥሮ ተድንቕ
- ኣብ ፈጠራ ዝተፈለለዩ ነገራት ድልየት ዘለዎ

## መወዳእታ ተማዕብሎ

- ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ተወሳኺ ደረጃ ትምህርቲን ክትወስድ ትኽእል።

### ዝላዓለ ትምህርቲ እንተወሲድኩም፣ ገለ ካብቶም ክትኮንዎም ትኽእሉ ሞያታት፥

- ንድፊ ኣባይቲ፣ ናይ ግዳም ስጡሕ ንድፊ ነዳፊ ወይ ናይ ውሽጣዊ ክፍሊ ነዳፊ
- ናይ ምህርቲታት ነደፈ፣ ኢንዱስትሪያዊ ነዳፊ ወይ ናይ ስእላስእሊ ነዳፊ
- ናይ ጥቡብን ባህልን ሞንሳኛ፣ ሓላፊ ወይ ኣርቲስት
  ብተወሳኺ ኻሊእ ሞያዊ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ --ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬት እነተለካ ናብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዩኒቨርሲታት ኮነ ኮሌጅ ምምልካት ይካኣል እዩ።

### ናይ ስራሕ ቦታ ክኾኑ ዝኽእሉ

- ናይ ፕላን ነዳፊ ቤት ጽሕፈት ወይ ህንጻን ናይ ንግዲ ስራሕ ትካላትን
- ትካላት ፍርያትን ወይ ትካላት ንድፊ
- ቤተ መዘክር፣ ጋላሪ ወይ ናይ ስነ ጥበባውያን መስርሒ ቦታ

# ስፖርትን ናይ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ትምህርቲ



## እዚ ትመሃሩ

- ኣካላዊ ንጥፈታትን ስልጠናን
- ምሕደራ ስልጠና
- ብዛዕባ ጥዕና፣ ኣመጋግባን ናይ ሰውነት ቅርጽን
- ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ

## ክትኮኖ ዘለካ

- ኣብ ጥዕናን ኣካላዊ ምንቅስቃስ ግዱስ
- ኣብ ናይ ትምህርቲ ሰዓት ኮነ ወጻኢ ኩሉግዜ ንስልጠና ድልዊ
- ኣብ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ስፖርትታት ኀበዝ ዝኾነ
  *ፍርቂ እቶም ተመሃሮ ናይ Vg1 ብመእተዊ ፈተና ወይ ናይ ክእለት መዝገቦም ተራእዩ ክምዝገቡ ይኽእሉ።*

## መወዳእታ ተማዕብሎ

- ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ከሙውን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል።

## ዝላዓለ ትምህርቲ እንተወሲድኩም፣ ገለ ካብቶም ክትኮንዎም ትኽእሉ ሞያታት፥

- በዓል ሞያ ምንቅስቓስ ኣካላት ወይ ፊዝዮተራፒስት፣ ናይ ስፖርት ስነ ልቦና ባዓል ሞያን ናይ ውልቀ መምህርን
- መምህር፣ ናይ ስፖርት መማኸሪ ኣብ ዙርያ ጥዕናን ኣካላዊ ምንቅስቃስን
- መራሒ ናይ ተፈጥሮኣዊ ግዳማዊ ሂወትን ቱሪዝምን።
- ፖሊስ ወይ ወታደር
  ብተወሳኺ ኻሊእ ሞያዊ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ --ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬት እንተለካ ናብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዩኒቨርሲታት ኮነ ኮሌጅ ምምልካት ይካኣል እዩ።

## ናይ ስራሕ ቦታ ክኾኑ ዝኽእሉ


- ትምህርቲቤታት
- ናይ ስልጠና ማእከላት ወይ ናይ ስፖርት ማሕበራት
- ናይ ክንክን ትካላት
- ወታደራዊ ኣገልግሎትን ፖሊስን

# 10 ናይ ሞያ ትምህርቲ ፕሮግራማት

ናይ ሞያ ትምህርቲ ናይ ተግባር ስራሕቲታት ንኣብነት& ናይ ኤሌክትሪክ በዓል ሞያ& መዳለዊ ምግቢ ወይ ፀገሪ መመላኽዒ ንክትሰርሑ እትደልዩ እዩ"

- ካብ 10 ናይ ሞያ ትምህርቲታት ምረፁ"
- ኣብ ብዙሕ ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ዓይነት ትምህረቲታት እቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓመታት ዉሽጢ ኣብ ንግዲ ድርጅት እዉን ኣብ ክልተ ዓመት ዉሽጢ ይወሃብ እዩ።
- ኣብ ንግዲ ድርጅት ምስልጣን ተለማማዳይነት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ሞያዊ ልምድኹም ዉሽጢ ደሞዝ ናይ ምርካ ብዕድል ኣለኩም እዩ።
- ሞያዊ ትምህርቲን ስልጠና ኣጠናቂቕኩም ምስ ሓለፍኩም ናይ ሞያ ብቕዓት ተሳኸዑ።
- ብሞያዊ ብቑዓት ስራሕ ምምራፅ ይኽእሉ እዮም ወይ ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ ሳልሳይ ብርኪ ሞያዊ ኮሌጅ ምውሳድ ትኽእሉ።
- ከምኡ ድማ ተወሳኺ ዉጡን ናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲይ መእተዊ ምስክር ወረቀት ክወስዱ ይግባእ (ኣብ ታሕቲ ረኣዩ)።

<ጠንካራ>ናይ ሞያ ትምህርቲናብ <ጠንካራ>ናይ ሞያ ብቕዓት (ብመሸጣ ወይ ናይ ጉዕዞ ምሰክር ወረቐትን ብዘይክኡን)




**ብዛዕባ ክትመርፅዎ ትኽእሉ ትምህርታዊ ፕሮግራም ኣቀዲምኩም ኣንብቡ:**

- ህንጻን ምህናጽን
- ኤሌክትሪክን ኢሌክትሮኒክስን
- ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፣ ናይ ፍዮሪ፣ ናይ ውሽጢ ገዛን መሸጥእ ዲዛይን
- ኢደጥበብ፣ ዲዛይን ከምኡድማ ናይ ፍርያት ምዕባለ
- ክንክንጥዕና፣ ናይ ቁልዕነትን መናእሰይን ዕብየት
- ናይ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን መራኸቢ ብዙሓን ፕሮዳክሽን
- ሕርሻ፣ ምጽማድ ዓሳን ኣተሓሕዛ ጫካን (ምስ ተወሳኺ ጠቅላላ መጽናዕቲ Vg3)
- ቤት ምግብን ናይ ምግቢ መስርሕን
- መሸጣ፣ ኣገልግሎትን ቱሪዝምን
- ቴክኖሎጅን ናይ ኢንዱስትሪ ፍርያትን

# ህንጻን ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕን



## እዚ ትመሃሩ

- ናይ ሓደሽቲ ህንፃታትን ተኽልታትን ምህርቲታን ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕትን
- ናይ ህንፃታትን ተኽልታትን ዳግመ ምህናፅን ፅገናን
- ብዛዕባ ቴክኒካል ምዝርጋሕ
- ብዛዕባ ፅፈትን ድሕንነትን
- ናይ ናውቲ ፍልጠት

## ክኾኑዎ ዘለዎም

- ብኣእዳዎም ኣብ ምስራሕ ኅበዛት ይኹኑ ከምኡ ውን ተግባራዊ ስራሕ ዝኣምን ሓንጎል ዘለዎም እውን ይኹኑ
- ዘይጽግዕተኛን ብጣዕሚ ጥንቁቕን
- ምስ ካልኦት ኣብ ምትሕብባር ኅበዛት ይኹኑ

## ክኾኑዎ ዝኽእሉ

- ናይ መንገዲን ኮንስትራክሽን ሰራሕተኛን ወይ ኣስፋልት ሰራሒን
- ናይ ባቡር ሃዲድ መጓዓዓዝያ ሰራሕተኛ ወይ ናይ ህንጻ ተሽከርካሪ/ናይ ማሽናት ተቆጻጻሪ
- ቀለም ቀላሚ፣ ነዳቂ፣ ዕንጸይቲ ስራሕቲ ሰራሒ ወይ ናይ ቡንቧ ሰራሕተኛ
- መደያየቢ ሰራሒ፣ ሳንቃ ሰራሒ ወይ ብረታ ብረት ቀጥቃጢ
- ናይ ዕንጸይቲ ስራሕቲታት ሰራሕተኛ ወይ መስትያት ሰራሒ
ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

## ናይ ስራሕ ቦታታት ክኾኑ ዝኽእሉ

- ናይ ህዝብን ናይ ግልን ናይ ንግዲ ትካላት
- ዓበይቲን ኣናእሽተይን ናይ ኢድ ሞያ ናይ ንግዲ ትካላት
- ኢንዱስትሪያዊ ወይ ናይ ንግዲ ቦታ ሓለፍቲ ናይ ንግዲ ትካላት

# ሕርሻ፣ ምጽማድ ዓሳን ኣተሓሕዛ ጫካን



## እዚ ይመሃሩ

- ብዛዕባ ተፈጥሮኣዊ ነገራትን ምስትኽኻል ገጸ መሬትን
- ብዛዕባ ምጽማድ ዓሳን ናይ ደገ ሂወትን
- ብዛዕባ ምርባሕን ደሕንነትን እንስሳት
- ብዛዕባ ተኽልታትን ዑደት ተፈጥሮን
- ብዛዕባ ምህርቲ ስነ ሂዎታውያን

# ክትኮኖ ዘለካ

- ናይ ተግባር ስራሓት ዝንባሌ
- ኣብ ናይ ደገ ስራሓት ድልየት ዘለዎ
- ንሰባት፣ እንስሳትን ከባብን ክንክን ምግባር

# ክኾንዎ ዝኽእሉ

- ኣትክልተኛ ወይ ናይ ተኽሊ በዓል ሞያ
- ናይ ቅርጸ-መሬት ወይ ናይ ስፖርት ኣወሃሃዲ
- ናይ ጫካ ሓለዋ ሳይንስ
- ጃልባ ቀሳፊ ወይ ክእለት ዘለዎ ፈረስ ጋላባይ
- ኣብ ምርባሕ ዓጋዘን ክእለት ዘለዎ ሰራሕተኛ
- ዓሳ መጽመዲ ወየ ናይ ስነ ማያት ተቆጻጻሪን ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

## ኣብ መወዳእታ ዝረኽብዎ


- ካብ እዞም ዝስዕቡ እንተ መሪጽም÷ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ሰርተፊኬትን ከሙውን ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል። ጠቕላላ ፅንዓታት Vg3 ግብርና, ዓሳ ምፅማድን ናይ ደን ሓለዋ ሳይንስን

# ናይ ስራሕ ቦታክኸውን ዝክእል

- ኣብ ናይ ህዝቢ ኮነ ውልቀ ትካላት ዝትከሉ ሓደሽቲ ተኽልታትን ጽገናታትን
- ግብርና ወይ ናይ ደን ሓለዋ ሳይንስ
- ናይ ህጻናት ምሕብሓብ ጣብያ ወይ ናይ እፅዋት ሓለዋ መጽናዕቲ
- ዓሳ ምጽማድን ምርባሕን
- ናይ ዓጋዘን ምርባሕ

# መሸጣ፣ ኣገልግሎትን ቱሪዝምን

## ዝተመሃርካዮ



- ብዛዕባ ኣርባሕን ቀጻልነት ዘለዎም ስርሒታት
- ሸመታ፣ ኢንተርፕርነርን ምሕዳስን
- ምምሕዳርን ዲጂታል መሳርሒታትን
- ቱሪዝምን ዙረትን
- ናይ ዓማዊል ርክባትን መሸጣን
- ናይ ደሕንነት ስጉምትታት ምውጣንን ምትግባርን

# ክትከውን ዘለካ

- ምዕሩይ፣ ስርዓት ዝሓዘን ኣብ ውጽኢት ዘተኩርን
- መሃዛይን ብስትራተጂ ክሓስብ ዝኽእልን
- ምስ ሰባት ተሰማማዒ ክኸይድ ዝብህግ
- ንዝተፈላለዩ ባህልታትን ሓድግታትን ክፉት ዝኾነ

# ክትኮኖ ትኽእል

- ናይ መሸጣ ወኪል ወይድማ ናይ ጉዕዞ ኤጀንት
- ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛ ወይድማ ሪሰፕሽን
- ዋርድያ
  ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

# ናይ ስራሕ ቦታ

- ድኳናት ወይድማ ናይ ባዕልኻ ትካል
- ቤት ጽሕፈታትን ሆቴላትን
- ናይ ድሕንነት ትካላት፣ ናይ ህጹጽ ኩነታት ማእከል መጠንቀቕታ ወይድማ ኤርፖርት
- ናይ ቱሪዝምን ዙረትን ኤጀንሲታት

# ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፣ ናይ ፍዮሪ፣ ናይ ውሽጢ ገዛን መሸጥእ ዲዛይን

## ዝተመሃርካዮ



- ዲዛይንን ናይ ብምርኢት ምግላጽን
- ፈጠራዊ ሞያታት ምብልጻግ
- ዝተፈላለዩ ሜላታትን ኣገላልጻን ምብልጻግን ምጥቃምን
- ናይ ስታይልን ናይ ትረንድን ታሪኽ
- ናይ ምርድዳእን ናይ ዓማዊል ርክባትን

## ክትከውን ዘለካ

- መሃዛይን ኣብ ስነጽባቐ ዝምባለ ዘለካ
- በእዳውካ ምስራሕ ዘብህገካ
- ብ ቪዥል መንገዲ ሓሳብ ምግላጽ ባህጊ ዘለካ
- ልክዕን ዘይሕለልን

## ክትኮኖ ትኽእል

- ናይ ፍዮሪ ዲዛይነር
- ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ በዓልሞያ
- ናይ ኢንተርዮር ዲዛይነር
- ናይ መርኣይ ወይድማ ፕሮፋይሊንግ ዲዛይነር

- ናይ መድረኽ ሜካፕ ኣርቲስትን ኣርቲ ሰራሕን ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

# ናይ ስራሕ ቦታ

- ናይ ፍዮሪ ዱኳን፣ ናይ ኣበባ ስራሕ
- ስነጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ሳሎን ወይድማ ቲያተር
- መዋዓውዒ፣ ዲዛይንን ሜዲያ ኤጀንሲታት
- ናይ ባዕልኻ ትካል

# ቤት ብልዒን ምግቢ ምምስራሕን



## እዚ ይመሃሩ

- ብዛዕባ አመጋግባ፣ ምግብን ስነ ምግብን
- ምድላውን ምቕራብን ምግቢ
- ክንክን ኣቑሑት፣ ምግብን መስተን
- ብዛዕባ ናይ ምግቢ ልምድታት
- ብዛዕባ ጥዕና ከዕቢ ዝኽእል መነባብሮን ጽሬትን

## ክትኮኖ ዘለካ

- ናይ ተግባር ስራሕ ዝሰርሕን ብኢዱ ጽቡቕ ክሰርሕ ዝኽእልን
- መሃዛይን ጥንቁቑን
- ኣገልግሎት ወሃቢ

## ክኾኑዎ ዝኽእሉ

- ናይ ምግቢ ምድላው፣ ናይ ምግቢ ምድላው ትካላትን መሳሰይን
- ናይ ባኒ ሰንካቲ ወይ ሰራሒ ኬካት
- ናይ ሳልሳ ሰራሒ ወይ መታረ ስጋ
- ሓራዲ ስጋ፣ ስጋን ዓሳን ሸያጢ
- ናይ ባሕሪ ምግብታት መምረቲ ኪኢላ ወይ ኣብ ኢንዳስትሪ ናይ ምግቢ ምድላው በዓል ሞያ
  ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

## ናይ ስራሕ ቦታታት ክኾኑ ዝኽእሉ

- ናይ ሆቴል ወይ ሬስቶራንት ኢንዳስትሪ
- ሆስፒታልን ናይ ጥዕና ትካላትን
- ናይ ምግቢ ምህርቲ ኢንዳስትሪ
- እንዳ ባኒ፣ እንዳ ፓስታ፣ ስጋ ዥሕረደሉ ቦታ
- ሓድሽ ምህርትታት ዝሸየጠሉ ድንኳን

# ቴክኒካዊን ኢንዱስትሪያዊን ምህርቲታት



## ትመሃር

- ትልሚ ምህርትን ከይዲ ምህርትን
- ብዛዕባ ሞተራት፣ ናይ መኻይን ሞተርን ናይ ምህርቲ መሳርሕታት
- ብዛዕባ ኬሚካላዊ ምብልዕላዕን ናይ ኬሚስትሪ ብልሓታት
- ብዛዕባ ጥዕና፣ ከባብን ድሕንነትን

## ክኾን ኣለዎ

- ናይ ተግባር ስራሕ ዝሰርሕን ብኢዱ ፅቡቕ ክሰርሕ ዝኽእልን
- ዘይፅግዕተኛን ብጣዕሚ ጥንቁቕን
- ኣብ ሓደሽቲ ቴክኖሎጅታት ድልየት ዘለዎ

## ክኾኑዎ ዝኽእሉ

- ናይ ኣልሙንየም ሃናፂ፣ በያዲ ወይ ናይ ላሜራ ሰራሕተኛ
- ሃናፂ መሳርሕታትን ወይ ናይ ቁልፊ ሰራሕተኛ
- ጠራዚ መፅሓፍ ወይ ናይ ንድፊ ሕትመት
- ናይ ቤተ ፈተነ በዓል ሞያ ወይ ናይ ኬሚካል ምብልዕላዕ በዓል ሞያ
- ናይ ፋብሪካታት ጋሓፍ መወገዲ፣ ናይ ጨርቃ ጨርቂ ፋብሪካ በዓል ሞያ (ጎልፎ) ወይ ናይ ላውንደሪ በዓል ሞያ
- ናይ መኻይን ሞተር ፀጋኒ ቴክኒሽያን፣ ናይ መኪና ሞተር መካኒክ ወይ ናይ መኪና ቀለም ቀላሚ
- ናይ ህንፃ መሳርሕታት፣ ናይ ሕርሻ መሳርሕታት ወይ ናይ ሞተር ፀጋኒ
- ናይ መብስዒ ኦፐሬተር ወይ ናይ መርኩብ ገመድ መስተኻሽሊ ወይ መብስዒን ንሓደ ዓይነት ንምስራሕ ዘገልገሉ መሳርሒታትን
- ባሕረኛ ወይ ናይ ባሕሪ ሞተር ፀጋኒ
  ኩሎም ሞያዊ ዓቅምታት ረኣዩ

## ናይ ስራሕ ቦታታት

- ቴክኒካዊ ወይ ኤሌክተሮ መካኒካል ኢንዳስትሪ
- ናይ መርኩብ ኢንዳስትሪ ወይ ናይ መኪና ኢንዳስትሪ
- ናይ ኢንዳስትሪ ኬሚካላዊ ከይዲ ወይ ናይ ጨርቃ ጨርቂ ኢንዳስትሪ
- ፋብሪካ መኻይን ወይ ናይ ዘይቲ ኢንዳስትሪ

# ናይ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን መራኸቢ ብዙሓን ፕሮዳክሽን



## ዝተመሃርካዮ

- ሓሳባት ምምዕባልን ፈጠራዊ ናይ ጸገም ኣፈታትሓን
- ብዛዕባ ናይ ተጠቀምቲ ድጋፍ፣ ኔትዎርክ፣ IT ደሕንነትን ፕሮግራሚንግን
- ትሕዝቶታት ምልላይን ታሪኽ ምዝንታውን
- ፎቶግራፍ፣ ፊልምን ግራፊክ ዲዛይንን
- መራኸብን መሸጣን

# ክትከውን ዘለካ

- መሃዛይ
- ኣብ IT, ኔትዎርክን ሶፍትዌርን ባህጊ ዘለካ
- ብ ቪዧል መንገዲ ሓሳብ ምግላጽ ባህጊ ዘለካ
- ልክዕ

# ክትኮኖ ትኽእል

- IT ኣማዕባሊ ወይድማ IT-ኦፕሬሽን በዓልሞያ
- ናይ ሚዲያ ዲዛይነር፣ ናይ ሚዲያ በዓልሞያ ወይድማ ናይ ሚዲያ ፕሮዱሰር ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

# ናይ ስራሕ ቦታ

- IT ኦፕሬሽን ትካላትን IT ዲፓርትመንትን

- መራኸቢ ብዙሃን ትካላት፣ ናይ መዋዓውዒ ኤጀንሲታት ወይድማ ቤት ማሕተምን

# ኢደጥበብ፣ ዲዛይን ከምኡድማ ናይ ፍርያት ምዕባለ



## ዝተመሃርካዮ

- ናይ ኢደጥበብ ክእለታት
- ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናውትታት
- ብዛዕባ ቀጻልነት ዘለዎ ዲዛይን ከምኡድማ ናይ ፍርያት ምዕባለ
- ብዛዕባ ንድፍታትን ብሉፕሪንት ምፍራይን
- ኢደጥበባትን ታሪኽ ባህልን

# ክኾኑዎ ዘለዎም

- በእዳውካ ምስራሕ ዘብህገካ
- ነገራት ዲዛይን ምግባርን ምስራሕን ዘብህገካ
- ልክዕን ዘይሕለልን


# ክትኮኖ ትኽእል

- ሰራሕ ሰዓት፣ ሰራሕ ወርቂ ወይድማ ሰራሕ ብሩር
- ሰራሕ ክዳን፣ ኣልባሳት ሰራሒ፣ ናይ ሃገራዊ ፍሉይ ኣልባሳት ሰራሒ
- ሰራሕ-ኩብሒ፣ ጸራቢ ዕንጨት ወይድማ ኦርጋን ሰራሒ
- ሰራሕ ካይላ፣ ሰራሕ ጫማ ወይድማ ሓጓዳይ
  ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

# ናይ ስራሕ ቦታ

- ናይ ዲዛይንን ኣኢደጥበብን ትካላት
- ናይ ሰራሕ ክዳን ድኳን
- ትያተር ወይድማ ኦፔራ
- ናይ ባዕልኻ ትካል

# ኤሌክትሪከን ኤሌክትሮኒክስን



## እዚ ይመሃሩ

- ኤሌክትሪክ ምእታውን ሲስተም ምዕራይን
- ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ፅገና
- ብዛዕባ ምህርትን እቕርቦትን ሓይሊ
- ብዛዕባ ምዕባለ ኤሌክሮኒክስ ምህርትታት
- ድሕንነትን ኣታሓሕዛ ዶክመንት

## ክትኮኖ ዘለካ

- ጥንቁቁን ብልሓተኛን
- ናይ ተግባር ስራሕ ዝሰርሕን ብኢዱ ጽቡቕ ክሰርሕ ዝኽእልን
- ኣገልግሎት ዝሁብን ወድዓዊ ኣታሓሳስባ ዘለዎን
- መሃዛይን ጽቡቕ ዕላማ ዘለዎን

## ክኾኑዎ ዝኽእሉ

- ናይ ኤሌትሪክ ባዓል ሞያ፣ ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሒ ወይ ናይ ሓይሊ ኣቕርቦት ኪኢላ
- ናይ መቆጻጸሪ ሰሌዳ መገጣጠሚ፣ናይ ምልክት መገጣጠሚ ወይ መልዓሊ መገጠጠሚታት
- ናይ በረራ በዓል ሞያ ወይ ናይ ኣየር ሞተር መካኒክ
- ናይ ጠፈር ምሁር፣ ናይ እንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ወኪል ወይ ናይ ምህርቲ ኤሌክትሮኒክስ ኢንጂነር
- ናይ ኣውቶማቲክ ማሽን ወይ ROV ኪኢላ
  ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ

## ናይ ስራሕ ቦታታት ክኾኑ ዝኽእሉ

- ናይ ህዝብን ናይ ግልን ናይ ንግዲትካላት
- ከይዲ ምህርቲ ናይ ኤሌክትሮኒክ ኣቑሑት
- መካኒካል ኢንዳስትሪ፣ ናይ ሓይሊ መብራህቲ መስመራት ወይ ናይ መንገዲ ባቡር ስራሕትታት
- ኣውሮፕላን ወይ ናይ ዘይቲ ኢንዳስትሪ

# ጥዕና ክንክን፣ ምዕባለ ህፃናትን መናእሰይን



## ትመሃር

- ብዛዕባ ስራሕቲ ምዕባይ ጥዕና
- ብዛዕባ ናይ ምሕማም ሂወይ ቅድን፣ ጉድኣታትን ምዝባዕን
- ብዛዕባ ዕብየት ህጻናትን መናእሰይን
- ብዛዕባ ኣመጋግባ፣ ስነ ምግብን ጽሬትን
- ብዛዕባ ናይ ምርድዳእ ክእለትን ማሕበራዊ ብቕዓትን

## ክኾንዎ ዝግባእ

- ንካልኦት ሰባት ምሕሳብን ምግዳስን
- ኣብ ምርድዳእ ጽቡቕ ዝኾነ
- ምስ ካልኦት ናይ ምትሕብባር ክእለት ዘለዎ

## ክኾንዎ ዝኽአሉ

- ናይ ጥዕና ሰራሕተኛ፣ ናይ ኦንብላንስ ቴክኒሽያን ወይ ናይ ሆስፒታል ተራ ሰራሕተኛ
- ሓብሓቢ ህጻንን መናእሰይን
- ናይ ፋርማሲ ቴክኒሽያን፣ ናይ መዲካል ጻሓፊት ወይ ሓጋዚት ናይ ስኒ ሕክምና
- ናይ ጽባቐ ባዓል ሞያ፣ ናይ እግሪ ሕክምና ባዓል ሞያ ወይ ናይ ባህላዊ ሕክምና በዓል ሞያ
  ኩሎም ሞያታትን ብቕዓታትን ረአዩ


## ናይ ስራሕ ቦታታት ክኾኑ ዝኽእሉ

- ኣብ ሆስፒታል ወይ በቢ ገዛ ዝወሃብ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት
- ንመዋእለ ህጻናት ወይ መሐብሐቢ ህጻናት ኣቅርቦት ንተመሃሮ
- ፋርማሲሰት፣ ናይ ስኒ ሕክምና ዶክተር ወይ ናይ መጥባሕቲ በዓል ሞያ
- ናይ እግሪ ሕክምና ወይ ናይ ቆርበት መንከባኸቢ ቦታ

# ናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲ ሙሉእ ፕሮግራም መእተዊ ምስክር ወረቐት

ናይ ሞያ ትምህርቲ ምስወዳእኹምን ምስሓለፍኩምን ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ትደልዩ ዶ?

- ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ዓመት መስት ተዋሂብዎም ኣሎ ምእንታይ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ክወስዱ።
- ናብ ተወሳኺ ፕሮግራም ን ናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ኣብ ሞያ ትምህሪቲ ከለኹም ወይ ድሕሪ ሞያዊ ብቕዓት ምስፈጸምኩም ድሕሪ ክልተ ዓመት ምምልካት ትኽእሉ ኢኹም ።
- ንናይ ሓፈሻዊ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ዝወሃብ ተወሳኺ ፕሮግራምን ሰባት ጠንኪሮም ክሰርሑን ኣብ ተግባር ዘይወዓለ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብን እዩ።
- ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት እቲ ፕሮግራም ብምጥንቃቕን ብምሕላፍን እንተሳኺዕኹሞ ኣብ ኮሌጅ ወይ ኣብ ዩኒቨርሲቲይ ዝለዓለ ትምህርቲ ናይ ምምርጽ ዕድል ኣለኩም።




## መሰረታዊ ብቕዓት

- መሰረታዊ ብቕዓት ማለት ንዓኹም ትምህርትኩም ከይትውዱ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ዘጓንፍኹም ተወሳኺ መማረጺ ማለት እዩ"
- ናይ ብቕዓት ምስክር ወረቐት ብሰነድ ኣቢሉ ዝወዳእኽምዎም ኣካላት ናይቲ ትምህርቲ ክበጽሐኩም እዩ"
- ሙሉእ ናይ ሞያ ብቕዓት ወይ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ንምስኻዕ ዓላማኹም ናይ ምቕያርን ሙሉእ እቲ ትምህርቲ ናይ ምጥንቃቕን ዕድል ኣለኩም"

# Vg1, Vg2 ከምኡውን Vg3 እንታይ እዮም?

## Vg1

ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ እዩ"

| ጠቐላላ መጽናዕትታታ | ሞያዊ |
|---|---|
| • ትምህርቲ ብብዝሓ ኣብተግባር ዘይወዓለ እዩ"<br>• መብዛሕቲኦም ትምህርቲ ንዝተለምደ ጠቓሚ ዓይነት ትምህርቲታት መምህሪ እዮም"<br>• ክልተ ወይ ሰለስተ ፕሮግራማት ኣለውዎም (ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ብፍሉይ ምምሃር ኣየካትትን)&ሓድሓዲኦም ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ድማ ኣብ Vg1. ምምራፅ ይከኣል" | • Vg1 ኣብ ናይ ስራሕ ክይዲ& ሜላታትን መሰርሕታትንንናይ ትምህርቲ ፕሮግራሞም ኣድላዪ መሰረታዊ ትምህርቲ ክህበኩም እዩ"<br>• መብዛሕትኦም መምሃሪታት ንናይ ፕሮግራማት ዓይነት ትምህርቲታት እዮም ዝጠቕሙ"<br>• ናይ ሞያ ፍለይ ትምህረቲ ምስ ናይ ተዛመድቲ ናይ ስልጠና ቦታ ዝፍለጡ መሸጣታት ዕድል ክህልወኩም እዩ" |

## Vg2

At Vg2 ካብ ኣብ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዝርከቡ ናይ ፕሮግራም ቦታታት መንጎ ትመርፁ Vg1.

| ጠቐላላ መጽናዕትታታ | ሞያዊ |
|---|---|
| • ነቶም ጠቐምቲ ዓይነት ትምህርቲታት ብተወሳኺ ካብ ዝተፈላለዩ ብዝተወሰኑ ሕግታት መሰረት ብምግባር ፕሮግራማት ምምራፅ ትኽእሉ"<br>• እቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይካየድ" | • ናይ ፕሮግራም ቦታ ትመርፁ እሞ ሽዑ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዕድል ትረኽቡ"<br>• ንመብዛሕትኦም ህፃናት እቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይካየድ"<br>• ንናይ ሞያ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲታት ካብ Vg1 ዝበለፀ ሰዓታት ኣለኩም"<br>• ብዛዕባ ድርጅታት ኣብ ስልጠናኹም እትመሃርዎም ዝተወሰኑ ፍሉያት መንገድታት አላዉ (3 ዓመት) ድሕሪ Vg1. |

## Vg3 / ናይ ድርጅታት ስልጠና


Vg3 ዝህነፅ Vg2 ኣብ ዝተሳተፍኩሙሉ፣እምኡ እውን እቲ ፕሮግራም ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ድርጅት እዩ ዝካየድ"

| **ጠቕላላ መጽናዕትታታ** | **ሞያዊ** |
| --- | --- |
| • ኣብVg2 ብዝመረፅክምዎም ፕሮግራማት ትቕፅሉን ኣብ ናይ ፕሮግራማት ዓይነት ትምህርቲታት ፍሉይ ትምህርቲ ትመርፁን ወይ ብቶም ዝተወሰኑ ሕግታት መሰረት ብምግባር ሓደሽቲ ናይ ፕሮግራማት ዓይነት ትምህርቲታት ትመርፁ"<br>• እቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይካየድ::<br>• ካብVg3 ብዝረኸብክምዎ ተቐባሊነት ዘለዎ ምስክር ወረቐት ኣብ ኮሌጃት ወይ ዩኒቨርሲቲታት ንዝለዓለ ትምህርቲ ክትምዝገቡ ትኽእሉ" | • ኣብ Vg2 ካብ ዝህነፁ ዝኸድኩምዎምን ብፍሉይ ትምህርቲ ዝተመሃኩምሎምን ናይ ፕሮግራም ቦታታት ትመርፁ"<br>• ኣብ Vg3 ዝርከቡ መብዛሕትኦም ፕሮግራማት ፍሉጣት መሸጣታት እዮም" ድሕሪኡ ከም ናይ ሞያ ተምሃሪ ኣብ ድርጅታት ስልጠና ትወስዱ እዚ ለማጅነት ድማ 2 ዓመት ይወስድ"<br>• ሓደሓደ ናይ ፕሮግራማት ቦታታት ኣብ Vg3 ይወሃቡ& ከም ናይ 1 ዓመት ናይ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ "<br>• ሓዳሓደ ናይ ሞያ መንገድታት Vg3 ቅድሚ 1.5 ወይ 2 ናይ ለማጅነት ዓመታት ቅድሚ ምውዳእኹም ኣለኩም" |

**ናይ እቲ ናይ ትምህርቲ መንገዲ**

ናይ እቲ ላዕለወይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን ቅርፂ ኣብ ናይ ካርታ ቁልፊ ይቐርብ"

- ብጫ: እቲ ትምህርቲ ኣብ ትምህረቲ ቤት ይካየድ
- ቆፃል: እቲ ትምህርቲ ኣብ ድርጅታት ይካየድ
- ሰመያዊ: እዚ ትምህርቲ ተወዲኡን ሓሊፉን ከምኡ እውን ናብ ዝለዓለ ትምህርተን ናይ ስራሕ ምዝገባን ናይ ምኻድ ብቕዓት ኣለኩምን


<ጠንካራ>ሓፈሻዊ ፅንዓታትናብ <ጠንካራ>ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት
10ይ ክፍሊ
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 1 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 2 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 3 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ኣብ ኮሌጅ/ዩኒቨርሲቲ ዝለዓለ ትምህርቲ
ንናይ ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ተወሳኺ ፕሮግራም
ንናይ ሓፈሻዊ ናይ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ ምስክር ወረቐት ተወሳኺ ፕሮግራም
<ጠንካራ>ናይ ሞያ ትምህርቲናብ <ጠንካራ>ናይ ሞያ ብቅዓት (ብመሸጣ ወይ ናይ ጉዕዞ ምሰክር ወረቐትን ብዘይክኡን)
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 3 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ሞያን ናይ ስራሕ ቆፀራን ሳልሰይ ብርኪ ናይ ሞያ ትመህርቲ
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 1 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ደረጃ 2 ኣብ ቤት ትምህርቲ
ናይ ስልጠና ግልጋሎት ኣብ እቲ ናይ ስልጠና ቦታ
1ይ ዓመት
2ይ ዓመት
3ይ ዓመት
4ይ ዓመት

# እቲ ትምህርቲ ቤት ካባኹም ከም ወጣታት እንታይ ይፅበ?



ከም ወጣት ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ክትኽተልወም ዝግብኡ ሕግታት ኣለዉ" ከም ወጣት ዝህልውኹም ግቡኣት ትፈልጡ ዲኹም"

## ኣብ እቲ ምምሃር ናይ ምርካብ ግቡእ

ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምምሃርን ኣብ ናይ እቲ ትምህርቲ ንጡፍግደ ውሰዱ

- ካብ ምምሃር ክትተርፉ እንተድኣ ኮይንኩም ምትራፍኩም ክትመዝግቡ ኣለኩም"
- ትርጉም ዘይብሉ ወይ ዘየተመዝገበ ምትራፍ ማለት ውፅኢት አይህሉን ማለተ እውን ክኸውን እዩ" ከም ዋና ሕጊ ካብ 10 % ንላዕሊ ዘይተመዝገበ ምትራፍ ኣብ እቲ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ውፅኢት ኣየውህብን"
- ኩሉ ዝተረፍክምዎ ኣብ እቲ ምስክር ወረቐት ክምዝገብ እዩ& እቲ ምትራፍ ፍቑድን ምዝጉብን እንተኾይኑ ግን ናይ 10 መዓልቲ ቀነስ ክግበረሎም ይኽእል"

ብዙሕ ኣንብቡ *ናይ ዘይምህላው ሕግታት.*

## ንናይ ፍቑድ ምትራፍ ማመልከቻ ኣቕርቡ

ብሕማም ምኽንያት ካብ ምምሃር እንድሕር ተረፍኩም& ምትራፍኩም ኣብ ውፅኢትኩም ወይ ምስክር ወረቐትኩም ሳዕቤን ከምፅእ ስለ ዝኽእል ማመልከቻ ኣቕርቡ

ቕቡላት ናይ ምትራፍ ምኽንያታት:

- ናይ ጥዕናን ደህንነትን ምኽንያት (ንናይ ሕማም ምኽንያታት ናይ ዶክተር ምስክር ወረቐት)
- ከም ዝተመረፀ ወኪል ኮይንኩም ስርሑ
- ፖለቲካዊ ስራሕ
- ድንገተኛን ናይ ምድሓን ስራሕን
- ብሕጊ ዘድሊ ኣቴንዳንስ
- ብብሄራውን ዓለም ለኻውን ኣብ ዝህልዉ ምዳዋት ምውካል(ንኣብነት ስፖርት ወይ ባህሊ)
- ካብ ናይ ኖርወይ ቤተ ክርስትያን ወፃኢ እምነት ተኸተልቲ ናይ ዝኾኑ ሰባት ሃይማኖታዊ ፌሽታ (ክሳብ 2 ናይ ትምህርቲ መዓልትታት)

ምስ እቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ መማኸሪ ምርኻብ& ኣብ ናይ እቶም ተምሃሮ ምኽሪ ቤት ምስራሕን ምስ ናይቲ ትምህርቲ ዓይነት መምህር ወይ ርእሰ መምህር ብምስምዕማዕ ዝተዳለዉ መፅናዕትታት ከም ምትራፍ ኣይሕሰቡን"

## ኣብ ናይ እቲ ትምህርቲን ቁፅፅርን ኩነታት ንጡፍ ዝኾነ ግደ ይሃልወኩም

- እቲ መምህር ብቐዓትኩም ንክፍትንን ኣብ እቲ ዓይነት ትምህርቲ ንሱ ውፅኢትኩም ንክህበኩምን ንውፅኢት ምሃብ ዝምቹ ጥጡሕ ባይታ ክህልዎ ኣለዎ"

## ናይ ቤት ትምህረቲ ሕገታት ተኸተሉ

- ልዑል ናይ ምትራፍን ናይ ቤት ትምህርቲ ሕግታት ምጥሓስን ነይ ፀባይ ወይ ፅፉት ውፅኢት ናይ ምቕናስ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል"

# እቲ ምርጫ ናትኩም እዩ !



ናይ መፃኢ ሕልኹም እንታይ እዩ? እንታይ ክትኮን ትደሊ? ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቶምን ስልጠናን ንምንታይ ክጥቀሙሉ ከም ዝደልዩ ዝመርፁ ባዕሎም እዮም" ስለዚ ኣብ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ክተትኩሩ ከም እትደልዩ ብድምቢ ምሕሳብ ጠቓሚ እዩ& ከምኡ እውን ኣብ መፃኢ እንታይ ዓይነት ስራሕ ክትሰርሑ ከም እትደልዩ ክትሓስቡሉ ኣለኩም" ናይ ዓርስኹም ምርጫታት ክትመርፁ ኣለኩም!

ምስ ወለድኹምን ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝርከብ ናይ ትምህርቲን ሞያን መማኸሪን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ መፃኢ ስራሕ መማረፂታትኩም ተዘራረቡ::

# እንታይ ይምችወኩም?

ትምህርቲን ስራሕን ክትመርፁ ከለኹም ዓርስኹም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ:: ቅድም ቀዳድም ጠንካራ ጎኒታትኩም ክትፈልጡ ኣለኩም" እዚ ዓርሰ እምነት ይህቦምን ፅቡቅ ውሳነታት ንምውሳን ይጠቅሞምን" ንዓርሶም ይሕተቱ:

- ኣብ ምንታይ እየ ጎበዝ?
- እንታይ እዩ ደስ ዝብለኒ?
- እንታይ ክገብር እፎቱ?
- እንታየ ክገብር ይሓልም?

# ናትካ ብቕዓት ÷ ኣመለኻከታን ክእልት

ኣብ ትምህርት ቤት ብርግፅ ዝቀለካ ዓይነት ትምህርትን ዝኹብደካን ምፍላጥ ይካኣል እዩ:: ኣብ ምንታይ ኣቕጣጫ እዩ ብቕዓትካ ዘመላኽት?

- ኣብ ክልስ ሓሳባዊ ትምህርቲ ጎበዝ ዲኻ? እንታይ ብጣዕሚ ትፎቱ ቋንቋ ወይሰ ሒሳብ?
- ናይ ስነ ጥቡብ ዝንባለ አለካ ዶ÷ ምሰኣልን ምቕባእን ወይ ድማ መሳርሒ ሙዚቃ ምጭዋት?
- ኣብ ናይ ተግባር ሰራሕቲ ብቑዕ ዲኻ? ፀብሒ ምሰራሕ÷ ምሰፋይ ወይ ሃናፂ÷ ሞተራት ምፅጋን የዘናግዑኻ ዶ?
- ወይ ኣብ ናይ ኣካል ጥንካረ ትምህርትታት ጎበዝ ዲኻ?

# ናትካ ፅቡቓት ጎንታት

ፅባቐ ክንብል ከለና እንታይ ዓይነት ሰብ ኢኻ:: እዚ ትኽክለኛ ምርጫ ናይ መፃኢ ስራሕኻ እዩ::

- ማሕበረ ሰባዊ ዲኻ? ምስ ቡዙሓት ሰባት ምኻን ትፎቱ ዶ? ምስ ሓደሽቲ ሰባት ምውጋዕን ምፍላጥን ይቐለካ ዶ ወይስ ብዉሑዳት ፅቡቓት ኣዕርኽትኻ ሕጉስ ኢኻ?
- ምስ ካልኦት ክትሓባበሩ ትኽእሉ ዶ ወይስ ነገራት ባዕልኹም ክትፈትሑ ኢኹም ትደልዩ?

- ንናይ ካልኦት ሰባት ርኢቶ ናይ ምስማዕ ክእለት ኣለኩም ዶ?
- ተኣማናይ ዲኹም?
- ነገራት ፅርይ ክብሉ ዶ ትደልዩ ወይስ ንእሽተይ ፈጠራ ዝተሓወሶ ምዝብራቅ ውን ደሓን እዩ?
- ብምህዞታት ዝተመላእኹም ዲኹም ወይስ ካልኦት ሰባት ነገራት ከስተኻኽሉልኩም ኢኸም ትፅበዩ?

ኣብ መፃኢ ስራሕ ክትምዝገቡ ከለኹም እቲ ዝቖፅረኩም ሰብ ኣብ ግላዊ ባህሪኹም ዓብዪ ኣተኩሮ እዩ ክገብር" ንኣብነት፣ ወይ ተኣማናይ፣ ወይ ንእሽተይ ዝተርፈኩም ነገር ኣሎ፣ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ምትሕብባርን ብግዑምን ናይ ምስራሕ ክእለትን ምህላው" ናይ ምትሕብባር ክእለትኩምን ፀባይኩምን ከም ናይ ትምህርቲ ውፅኢትኩም ጠቓምቲ ክኾኑ ኣለዎም" ስለዚ ናይ ፀባይን ፅፈትን ውፅኢትኩም ጠቓምቲ እዮም!

# ድልየትኩም

እትደልይዎን ዘለዓዕለኩምን ነገር ሒዝኩም ክትሰርሑ እንድሕር ትኽእሉ ኾይንኩም፣ ክሳኸዐልኩም ይኽእል እዩ" ነገር ግን ድልየታትኩም ምስ ዝተወሰኑ ትምህርቲታት ወይ ፍሉይ ስራሕን ብሓደ ንክኸዱልኩም ኩል ሻዕ ኣብ ዕድል ክምርኮሱ የብልኩምን" ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ትደልይዎ ነገር ክትረኽቡ ግን ትኽእሉ እዮም" ኣብ ወጣትነት ዕድመኹምም ድሌታት ቡብግዚኡ ክምዝለዋወጡ እውን አይትረስዑ" ካብ ዘለውኹም ድልየታት ብተወሳኺ ካልኦት ድልየታት እውን ክፍጠሩ ይኽእሉ እዮም::

# ጥዕናኹም

ትምህርቲን ስራሕን እንትትመርፁ ከነታት ጥዕናኹም ኣብ ግምት ብምቕእታው ክኸውን ኣለዎ::

- ሓደ ሓደ ስራሓት ኣካላዊ ጥንካረ ካብ ካልኦት ሰራሓት ብላዕሊ ክትደልዩ ትኽእሉ::
- ኣለርጂታት ናይ መማረፂታቶም በዝሐ ክቕንሱ ትኽእሉ::
- ኣብ ሓደ ሓደ ስራሓት ናይ ምርኣይን ምስማዕን ወይ ካልኦት ፍሉያት ኩነታታት ፍሉይ መመዘኒታት ክህልዎም ይኽእል"

ትምህርቲ ቅድሚ ምምራፅኩም ክትፍትንዎም ዝግበአኩም ነገራት እዚኦም እዮም" እትጠራጠርዎ ነገር እንተሃልዩ ንናይ እቲ ትምህርቲን ሞያን መማኸሪ ሕተቱ::

# ካልኦት ካባኹም ዝፅበይዎ ነገር

ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መማረፅታት እንዳተመያየጥካ ምስ ቤተሰብካ ብዙሕ ግዘ ምሕላፍ ፅቡቕ እዩ:: ናይ ቤተሰብን መሓዙትን ምኽሪ ስምዑ:: ነቲ ናይ እቲ

ትምህርቲ ቤት ናይ ትምህርቲን ሞያን መማኸሪን ካብ ካልኦት እትኣምንዎምን ምኽሪ ሕተቱ::

እንታይ ክትከውን ከምዘለካ ቤተ ሰብ፣ የሕዋት፣ መሓዙት እንትውስኑልካ ዘይተልመደ ነገር ኣይኮነን" ብዙሓት ወለዲ/ሓብሓብቲ ኣብ ናይ ደቆም መፃኢ ዓብዪ ትፅቢት ኣለዎም" እቲ ናይ መወዳእታ ምርጫ ግን ናትኩም እዩ! ካልኦት ሰባት ንዓኻ ፅቡቕ እዩ ስለ ዝበሉ ጥራሕ ዓርስኻ ዘይትደልዮ ነገር ንምምራፅ ክደፋፍኡ ምግባር ፅበቕ ኣይኮነን::

# ስራሕቲን ናይ ፆታ ኣስተዋፅኦን

ናይ ስራሕ ሂወት ፍልልይ ይደሊ እዩ! ሓደ ሓደ ስራሕቲ ንሰብኡት እንትኾኑ ሓደ ሓደ ድማ ንኣንስቲ ምቹዋት እዮም ብዝብል ሓሳብ ክትምርሑ የብልኩምን" ብዘይ ናይ ባህሊ ወይ ፆታ ግደ ትምህርትኹም ተትመርፁ ፅቡቅ እዩ" ብዛዕባ *you* እንታይ ከም እትደልዩ ብደምቢ ሕሰቡ!

# ኩሎም መማረፅታትኩም ፈትሹ

ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ትፈልጡ ትኾኑ ትኽእሉን እንታይ ስራሕ ንዓኹም ምቹው ከም ዝኾነ ሓሳብ ክህልዎኩም ይኽእልን እዩ" ኣረኣእይኦም ግን ብቁፅ ምኺኑ ርግፀኛታት ድዮም? ኣብ ናይ ሞያ ትምህርታትን ስልጠናን ጥራሕ ልዕሊ 200 ዝተፈላለዩ ክትመሃርዎም እትኽእሉ ናይ ሞያ ትምህርቲታት አለዉ ኮሌጃትን ዩኒቨርሲቲታትን እውን ዝተፈላለዩ ፕሮፌሽናል መማረፂታት የውፅኡ እዮም::

- ምፍጣንን ሃንቀውታን ትፈትዉ እንትኾይንኩም፣ ፖሊስ፣ ናይ እሳት ሓደጋ ወይ ፓይለት ንዓኹም ምቹው ክኾኑ ይኽእሉ? ከም አምቡላስ፣ ደሕንነት ሓለዋ ወይ ናይ በረራ ተቆፃፃሪ ሓላፊ ምኧን እውን ትኽእሉ?
- ዶክተር ወይ ነርስ ኮይንኩም ንምስራሕ ሓሲብኩም ትፈልጡ እንተ ኾይንኩም? ኣብ ካልኦት ናይ ጥዕና ድርጅታት ንኣብነት ናይ ሆስፒታል ፅሬት ወይ መማኸሪ ንምኧን እውን ክትምኩሩ ትኽእሉ?

መማረፅታትኩም እንትትረኡ ጥንቁቕን ግልፅን ኹኑ" ካብ ዝሓሰብኩምዎም ንላዕሊ ብዙሓት መማረፂታት ምህላዎም እውን ክትፈልጡ ትኽእሉ"

# ቅድሚ ምምዝጋኩም ብዛዕባ እንታይ ክትሓስቡ ኣለኩም?

ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን መዓዝ ከምእትመርፁ& ዝተወሰነ ብዛዕባ እንታይ መማረፂ ከምዘለኩምን እንታይ ፀገማት ከጋጥምኹም ከም ዝኽእሉን ምሕሳብ እውን ፅቡቕ እዩ" ቅድሚ ምምዝጋብኩም ብዛዕባ እንታይ ክትሓስቡ ኣለኩም ምርጫኹም ከ ከመይ ገይሩ ንመፃኢኹም ክፀልዎ ይኽእል?

## ኣብ ገዛ ትነብሩ ወይ ትወፁ?



እዚ ኣብ ገዛኹም ዝቐርብ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም እትደልይዎ ፕሮግራም ድዩ ? እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ጉዕዞ ግዘ ከሕልፉ ፈቓደኛ ክትኾኑ ኣለኩም ወይ ካብ ገዝኦም ክርሕቑ ኣለኩም" ሓደ ሓደ ትምህርቲ ቤታት መደቀሲ ኣለኩም" ካብ ገዛ ናብ ትምህርቲ ቤት እትጓዓዙሉ ግዘ ልዕሊ ሰለስተ ሰዓት ብመዓልቲ እንተኾይኑ& ወይ ርሕቐቱ እንተንኢሱ 40 ኪሜ ኮይኑ& ናይ እቲ ግዝኣት ናይ ትምህርቲ ልቓሕ ፈንድ ናይ ገዛ ፍቓድ ክትቕበሉ ኣለኩም(Lånekassen.

## ናይ መእተዊ ረቋሕታት እንታይ እዩም?

ናብ ሓደ ሓደ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ንምእታው ክኸብድ ይኽእል እዩ" መእተዊ ውፅኢት ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይፈላለ እዩ ብምኽንያት በዝሒ ቁፅሪ ኣመልከት" ናብዞም ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ንምእታው ክንደይ ነጥቢ ከምዘድሊ መርምሩ፥ ግን ኣስታውሱ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እቲ ነጥቢ ክቕየር ይኽእል እዩ"

## ምርጫይ ጌጋ እንተኾይኑ ከምብሓዱሽ ክመርፅ ይኽእል ዶ?

ምናልባት እትምርፅዎ ምርጫ መፍርሒ ክመሰል ይኽእል እዩ" ምርጫኹም ጌጋ እንተኾይኑ ከምብሓዱሽ ሓሳብኩም ቐይርኩም ሓደ ግዜ ጥራሕ ክተስተኻኽሉ ትኽእሉ re-ምርጫ ሕልፊ ናይ ትምህርቲ ዓመት ይርከቡ" እዚ ማለት ሓደ ግዜ ጥራሕ ኢኹም ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ክትመርፁ ትኽእሉ"

## ትምህርተይ ምስ ወዳእኹ ናይ ሰራሕ ምርካብ ዕድል ክንደየናይ እዩ?

ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተፈላለዩ ሰራሕ ናይምስራሕ ድልየቶም ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይፈላለ እዩ" ሞያ ኮነ ስራሕ ክትመርፁ ከለኹም ከመይ ሕዚ ብቀሊሉ ሰራሕ ክረክብ ይኽእል ብምባል ክኾን የብሉን" ብተመሳሳሊ እቲ ጠቓሚ ነገር ባዕሎም ክመሃር ዝገበሩ ስራሕ ንምርካብ ጥራሕ ኢሎም ኣይኮነን" ክንድዝኽእልዎ ብዛዕባ እቲ ዝድለ ስራሕ ሓበሬታታት ይኣክቡ"

## ቅድሚ ስራሕ ምጅማረይ ክንደይ ግዜ ክወስደለይ ይኽእል?

ካብ ዩኒቨርሲቲ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት መእተዊ ምስክር ወረቀት ከውህበኩም ዝኽእል ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም እንድሕር መሪፅኩም ተወሳኺ ክልስ ሓሳባዊ ዓይነታት ትምህርቲ ንምውሳድ የተባበዐኩም እዩ" ሓፈሻዊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማትን መፅናዕትን ብቐጥታ ናብ ሞያ ወይ ናብ ስራሕ ኣይወዳእኻን" እዚ ማለት ቅድሚ ናብ ሰራሕ ምእታውካ ብዙሕ ግዜ ይወስድ እዩ ማላት እዩ"

## ብዛዕባ ስራሕ፥ ክፍሊትን ናይ ሰራሕ ቦታን ዝምልከት እንታይ ትፅቢት ክገብር?

ምናልባት ክገርመኩም ይኽእል ክኸውን ይኽእል ዶ «ኣቐዲምካ ምርካብ» ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ሰራሕ ምስቶቶፀርኩም" ኣብቲ እትመርፅዎ ስራሕ ወይ ድማ ሞያ እንታይ ዓይነት ዕድላት ከምዘለው ፍለጡ" ኩሉ ሰብ ዝሐሽ ኣታዊን ምቸው ናይ ሰራሕ ቦታን ክህልዎ ይደሊ ኣብ እትሰርሖ ስራሕ ዝህልወካ ስምዒት ኣብ ናይ ስራሕ ሂወትካ ምሕጋስን ዘይምሑጋስን ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ"

ናይ ሰራሕ ሰዓታት ከመይ ከምዝኾነ ክትግምግሙ ይግባእ. ብዙሕ ጉዕዞ ኣለዎ ዶ? ኣብቲ እትደልዮ ስራሕ ወይ ሞያ ናይ ሽፍት ስርሕ ኩሉግዜ ኣሎ ዶ ? ንዕኡ ተዳሊኻ ዲኻ?

# ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ዝበለፀ ሓበሬታ ኣበይ ይርከብ?



ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ከምኡ እውን ስራሕትታት ዝተወሰነ ሓበሬታ ኣብዚ እንሄ"

## ናይ ትምህርትን ሞያታትን ኣማኸርቲ ሓበሬታታት ክህቡ ይኽእሉ እዮም"

- ናይ ትምህርትን ሞያታትን ኣማኸርቲ ብዛዕባ መዋቕር ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን ከምኡ እውን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዘለው መማረፅታትን ሓበሬታታት ክህቡ ይኽእሉ እዮም" /li>
- ናይ ትምህርትን ሞያዊ መማኸርትን ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ታሕተዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንዝርከቡ ተመሃሮ ይጉብንዩ እዮም"

## ናይ ትምህርትታትን ናይ ሰራሕ ምርኢታትን

- ንትምህርትታት ወይ ናይ ሰራሕ ምርኢታት እንተኑብኒኹም ብዙሕ ፅቡቓት ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ"
- ላዕለዋይ ካልአይ ብረኪ ኩሉ ግዜ ንታሕተዋይ ካልኣይ ብርኪ ተመሃሮን ወለድን/መዕበይ ይዕድሙ ን ሓበሬታ ምልውዋጥ ወይ «ክፉት መዓልትታትs».

## ናይ ሰራሕ ልምዲ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት

- ኣብ ታሕተዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ተግባራዊ ዝኾነ ልምዲ ካብ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ምርካብ ትኽእሉ ኣብ ካልአዋይ ብርኪን ናይ ሰራሕ ህይወትን ግን ካብ እትመሃርዎ ዓይነት ትምህርቲ እዩ"

## ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ስልጠናን የንብቡ ኣብ vilbli.no

- ኣብ vilbli.no ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ሓበሬታ ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡ እውን ሓፈሻዊ ምስሊ ኣብ ቀረባ ትምህርቲ ቤት ዘለው ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ምርካብ ይኽእሉ"
- ናይ ካልኦት ፅንዓት ክትረኽቡ ትኽእሉ ጠቓሚ ዌብሳይት on vilbli.no.

# ማመልከቻን መእተዊን ናብ Vg1



ኣብ 10 ዓመት ናብ እንታይ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ክትኣትዉ ከምእትደልዩ ምረፁ" ከም ዓብዪ ሕጊ፣ ኣብ እትነብሩሉ ሃገር ተመዝገቡ"

- ካብ ብጣዕሚ እትደልይዎም ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ፕረግራማት ናብ ሓዲኦም ክትኣትዉ ብቁዕ ኢኹም "
- እቲ ናይ 10 ዓመት ናይ መጨረሻ ውፅኢቶም ናብ መባእታዊ ድልየትኩም ምእታዎም ተተሓሒዙ ዝመፀ ክኸውን ይኽእል እዩ"

# ናይ እቲ ሃገር መእተዊ ሕጊ

ኩሎም ሃገራት ናብ ምንታይ ትምህቲ ቤት ክትምዝገቡ ከም ዘለኩም ዝውስን ሕጊ አለወን" ኣብ ሃገርኩም ተግባራዊ ዝኾኑ ሕጊታት ኣየርዩ" መብዛሕትኡ ግዘ ናይ ሃገራት መመዝገቢ ሕጊ ካብዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ሓዲኦም ይኸተል:

- ኣብ ኣብቲ ሃገር ዘለው ኩሎም ትምህርቲ ቤታት ክትምዝገቡ ትኽእሉ" ወይ
- ኣብ ናይ ሃገርኩም ክፋል(ወረዳ) ዝርከቡ ትምህርቲ ቤታት ክትምዝገቡ ትኽእሉ" ወይ
- ንዝትነብሩሉ ኣብ ዝቀረበ ትምህርቲ ቤት ክትምዝገቡ ኣለኩም"

ኣብ ካብ ትምህርቲን፣ ናይ 10 ዓመት ውፅኢትኩምን ምምራፅ ኣብ ዝከኣለሉ ሃገር እቲ ውፅኢትኩም ናብ ምንታይ ትምህርቲ ቤት ከምትኣትዉ ክውስን ይኽእል"

# ናይ መመልከቲ መወዳእታ መዓልቲ

**መጋቢት** ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ንዘመልክቱ ኣመልከቲ ናይ መወዳእታ መመልከቲ መዓልቲ እዩ"

**ለካቲት 1** ናይ ምምልካት መወዳእታ መዓልቲ እዩ፥ ዝተፈለየ ድልየት እንተሃሊኩም"

ክሳብ ለካቲት 1 ምምልካት ይኽእሉ እዮም"

- ብዛዕባ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ናይ ውልቀ ውሳነ ይሃልዎም"
- እተመልከቶ ብፍሉይ መሰል ድዩ ወይስ ናይ ውልቀ ጉዳይ"
- ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ኖርወይ ኣትየ"

## ም ልከታ ንፉሉይመሰል

ምናልባት ብጉጅለ ነዘመልክቱ ቀዳምነት ዝወሃቦ መመልከቻ ን ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምእታው"

ንዓኹም ይምልከት

- ፍሉይ ድሌት ንዘለኩም ትምህርቲ ንፉሉይ ድሌት ዝተፈቐደ እዩ እዚ ማለት ትምህርትኹም ንምጥንቓቕ ዝተወሰነ ናይ ትምህረቲ ፕሮግራማት ክትወስዱ ይግባእ"
- ብጣዕሚ ዝወረደ ናይ ስራሕ ክእለትን ናይ ልምምደ ድልየትን"

- ብናይ ምልክት ቋንቋ ዝወሃቡ ትምህርትታት ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም"

## መመልከቲ ንውልቀ ኣቀባብላ

መመልከኹምውልቀ ኣቀባብላ, ብዘይ ውፅኢት እንተኾይንካ"

- ኣብ ቀዳማይ ብርክን ታሕተዋይ ካልኣይ ብረኪ ቤት ትምህርቲ ከምኡ እውን ኣብ ዝተሓተ ደረጃታት ክፍሊ ዳርጋ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ዓይነታት ትምህረቲ ፍሉይ ትምህርቲ ረኺብካ ትፈልጥ"
- ኣብ ቀዳማይ ብርክን ታሕተዋይ ካልኣይ ብረኪ ቤት ትምህርቲ ከምኡ እውን ኣብ ዝተሓተ ደረጃታት ክፍሊ ዳርጋ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ዓይነታት ትምህረቲ ቋንቋኻ ኣጠናኺርካ ትፈልጥ"
- ፍሉይ ናይ ውልቀ ክንክን ክግበር ይግባእ ብፍላይ ድማ ብምኽንያት ክብደት"

ካብ እተመልክቶም ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ናብ ሓዲኡ ክትኣቱ

# ከመይ ኢኻ አመልኪትካ?



## vigo.no

vigo.no ናብ ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪን ናይ ተግባር ግዜ ንምግምጋምን እተመልክት እንተኾይናካ ድሕረ ገፅ እዚ እዩ" ብዙሕ ዘይፅግዕተኛታት ቤት ትምህርቲ (ናይ ውልቀ ላዕለዋይ ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ) መመልከቻኻ ብቐጥታ ናብ ትምህርትቤት ድዩ"

- እተዉ vigo.no with MinID. ብድሕሪኡ ናይ ፒን ሚስጥር ዝሓዘ ደብዳቤ ኣብቲ ዝልጠፍ ከመፀልኩም እዩ"
- መመልከቻኻ ኣመዝግብ"
- ደረሰኝ ናይ መመልከቻኻ ፕሪንት ገይርካ ምሓዝካ ኣይትረስዕ"
- ክሳብ ናይ መመልከቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ዝኣክል (ለካቲት 1 ወይ ድማ መጋቢት 1) መመልከቻኻ ክንዲ ዝደለኻዮ እዋን ክትቅይር ትኽእል ኢኻ"
- ኣድራሻ ይኹን ናይ ሞባይል ስልኪ ቁፅሪ ምቕያር ይካኣል እዩ vigo.no ቅድሚ ሓምለ (ኣብ መብዛሕተአን ሃገራት)" ድሕሪ እዚ መዓልቲ ንናይ ቅበላ ቢሮ ክተፍልጡ ትኽእሉ"

## ሚን ኣይዲ ማላት እንታይ ማለት እዩ?

ሚን ኣይዲ ማለት ሓደ ካብቶም ኣርባዕተ ናይ ኤሌክትሮኒክ መለለይ ኮይኑ ናብ ኢንተርኔት ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምእታው ዘገልግል እዩ (ካብኣቶመ vigo.no)"

# ከመይ ኢኻ ትምልስ?

ናይ ከይዲ ቅበላ እንድሕር ተወዲኡ ብ መልእኽቲ ሞባይል ክፈልጡ እዮም (ኣብ ሓደሓደ ሃገራት ድማ ብ ኢሜይል)" እቶ vigo.no ብሚን ኣይዲ ኣብ ምንታይ ቦታ ከምዝተመደብናን ንምፍላጥን መልሲ ንምሃብን ወይ ድማ ኣም ዝርዝር መፅንሒ ንምፅናፅን ይጠቕመና"

- ናይ ቦታ ምደባ ኣቕርቦት ብናይ ፕሮግራም ምርጫኻ? እወ ኢልካ ክትምልስ ይግባእ" >ናይ ቦታ ምደባ ኣቕርቦት ኣብቶም ፕሮግራም ትሒቶም ዝርከቡ ዝርዝር"
- >ናይ ቦታ ምደባ ኣቕርቦት ኣብቶም ትሺቶም ዝርከቡ ፕሮግራም ምርጫኻን ኣብ ግዝያዊ መፅንሒ ዝርዝር ብዝመረፅካዮም ቅደም ሰዓብ ፕሮግራማት ንምፅባይ? ንኽልቲኦም ቀረባት እወ ክትብል ይግባእ" ነገር ግን ካብ ዝምረፅካዮም ዝርዝር ፕሮግራማት ዳሓር እንተዓቢኻ ኣቀዲምካ ዝተመደብካዮ ምደባ ይጠፍእ"
- ኣብ ዝርዝር መፅንሒ ንምፅናሕ ጥራሕ ዝቐረበ ? መልስኻ ኣይኮነን እንድሕ ኖይኑ ካብ ናየ ቅበላ መስርሕ ይውገዱ"



## ናይ መመለሲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ

- ንናይ ቦታ ምድብ ኣቕርቦት ምላሽ ክትህብ ይግባእ ድሕሪ ሓደ ሰሙን እቲ እቕርቦት ምቕባልካ"
- ኣብ ዝተፈቀደ መዓልቲ እንድሕር መልሲ ዘይሃብካ እቲ ዝተወሃበካ ኣቕርቦት ናይ ቦታ ወይ ደማ ዝሓዝካዮ ግዝያዊ መፅንሒ ዝርዝር ይጠፍእ"
- ኣቐዲሞም ክምዝገቡ ይክእሉ vigo.no.

# ናይ ብቁፅሪ ትሑታት ዝኾንኩም

# ናይ ቋንቋ ፀገም ዘለኩም

# ተመዝገብቲ ሓበሬታ



**ኣብ ኖርወይ ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን መሰል ኣለኩም እንድሕር**

እንተሃልይኩም"

- ዝተጠናቀቀ ናይ ኖርወይ መባእታዊን ታሕተዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ምስ ናይ ወፃኢ ሃገር ዝመፀ ተመሳሳላይ ተንኣሰ 9 ዓመት"
- ናይ ኖርወይ ሕጋዊ መንበሪ ፈቃድ"

**ኣብ ኖርወይ ኣብ እዚ ቀረባ እዋን ትምህርቲ ጀሚሮም?**

- ብቁፅሪ ውሑዳት ዝኾኑ ህፃናት ቋንቋ ናብ ኖርወይ መባእታዊን ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ቤትን ንሓፂር እዋን ዝኸዱ ከምኡ እውን ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን ናይ ምስታፍ መሰል ዘለዎም"
- ኩሎም ናይ 10 ዓመት ዝወድኡ ህፃናት ምስክር ወረቀት ይቅበሉ ከምኡ እውን ናብ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን ክምዝገቡ ይኽእሉ"

**ናይ ቋንቋ ማሕለኻታት?**

- ካልእ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋ እንተሃልይኩምን ናይ ቋንቋ ፀገም እንተኣጋጢምኩምን ፍሉያት መሰላት ኣለዉኹም"

# ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ን ናይ ቋንቋ ሕፅረት ንዘለዎም



ናይ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋኦም ካሊእ ንዝኮነ ሰባት ቋንቋ ኖርወይ ክይመለኹ ትምህርቲ ምክትትታል ኣፀጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ" ናይ ቋንቋ ኖርወይ ክእሎቶም ውሱን እንድሕር ኮይኑ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ናይ ምውሳድ መሰል ኣለዎም(ምልማድን ምጥንኻርን ቋንቋ ትምህርቲ)"

ቅድም ቀዳድም ፍሉይ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንምውሳድ ክተመልክት ይግባእ"

- ፍሉይ ትምህርቲ ብኖርወይኛ (ምጥንኻር ትምህርቲ ብኖርወይኛ), ግን ክቐርበልካ እውን ይኽእል"
- ትምህርቲ ናይ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋ (>ትምህርቲ ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋ,
- ብክልተን ካበኡ ንላዕልን ዝወሃብ ትምህርቲ (ካልኦት ትምህርትታት ብናይ ባዕልኻ ቋንቋ ምምሃር)"

**እቲ ቤት ትምህርት ንድልየትካ ክፈልጥን ትልሚ ከውፅእን ይግባእ"**

- >እቲ ቤት ትምህርት ናይ ኖርወይኛ ቋንቋ ዘለካ ክእልት ክፈለጥ ይግባእ ቅድሚ ፍሉይ ትምህርቲ ብኖርወይኛ ክትወስድ ወይ ከይተወስድ ምውሳኑ"

- እቲ ቤት ትምህርት ዘለካ ናይ ኖርወይኛ ቋንቋ ኣብ እዋን ትምህርቲ ክፈልጥን ክውስንን ከምኡ እውን ናብ ናይ ስሩዕ ትምህርቲ ማዓዝ ክትሰጋገር ከም ዘለካ ክውስን ይኽእል"

ፍሉይ ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይኛ ንክትወስድ እተመልከቶ ብኻልእ ቋንቋ እዩ ክሳብ ናይ ቋንቋ ኖርወይኛ ክእለትካ ዝዓብን ስሩዕ ትምህርቲ ምክትታል እትጅምርን"

## ፍሉይ ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይኛ

ትምህርቲ ቋንቋ ኖርወይኛ ክተዕቢ እንድሕር ደሊኻ ሰለስተ መማረፅታት ኣለው "

**1. እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዘዳለዎ ትምህርቲ ብቋንቋ ኖርወይኛ ምውሳድ ቋንቋ ኖርወይኛ ንዘፀግሞም ዝተዳለወ ስርዓተ ትምህረቲ እዩ"**

- እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ዕድኹም መሰረት ዝገበረ ዘይኮነስ ደረጃ ክእለትኩም መሰረት ዝገበረ እዩ"
- እዚ ስርዓተ ትምህርቲእንድሕር ዘይተኸታተልኩም ውፅኢት ኣይወሃበኩሙን"
- እቲ ስርዓተ ትምህርቲ እትከታተልዎ ክሳብ ናብ ስሩዕ ስርዓተ ትምህርቲ ብ ቋንቋ ኖርወይኛ እትሰጋገሩ እዩ"

**2. እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብዘዳለዎ ትምህርቲ ብቋንቋ ኖርወይኛ ምውሳድ ቋንቋ ኖርወይኛ ንዘፀግሞም ዝተዳለወ ስርዓተ ትምህረቲ ንሓፂር ኣዋን ኣብ ኖርወይ ተቀሚጦም ክወስዱ ይኽእሉ"**

- ሓፂር ናይ መንበሪ ዘመን ዝበሃል ካብ ሽዱሽተ ዓመት ንታሕቲ ክኸውን ከሎ እዩ"
- እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብሰለስቲኦም መማረፅታት ክውሰድ ይኽእል እዩ"
- ናይ መወዳእታ መመዘኒ ውፅኢት ፈተና እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ተዋሂብካ ኣሎ"

**3. ስሩዕ ስርዓተ ትምህርቲ ብ ቋንቋ ኖርወይኛ ክትከታተል ትኽእሉ ኢኹም ብናይ ኖርወይኛ ዝተመሓየሸ ድጋፍ "**(ብዝተመሓየሸ)

*, ቋንቋ ኖርወይኛ እንድሕር ኣማዕቢልካ ካብ ትምህርትን ምዘናን ብፅሑፍ ቅጥዒ ቋንቋ ኖርወይኛ ካልእይ ቋንቋኦም ዝኾኑ ትወፅእ*

## ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ምምሃር

**>ናይ ኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ንምምዕባል ዕድል ይወሃበካ እዩ"**

- እቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ናይ ቋንቋ ፀገም ንዘለዎም ከም መጀመሪ ደረጃ ትምህርቲ እንበር ዕድመ ማእኸል ዝገበረ ኣይኮነን"
- >ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ምምሃር ማለት ዘለካ ናይ ምንባብን ምፅሓፍን ክእለት ዘማዕብል እዩ እዚ ድማ ቋንቋ ኖርወይኛ ንክትመሃር ዓብይ ሓገዝ ይገብረልካ"
- እዚ ትምህርቲ እዚ ኣብ ካልኦት ቤት ትምህርቲ ክወሃብ ይኽእል እዩ"*

## ክልተን ካብኡ ንላዕሊ ብዝኾነ ቋንቋ ምምሃር

**ኣብ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ክልተን ካብኡ ንላዕሊ ብዝኾነ ቋንቋ ክትመሃር ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ"**

- ኣብ ምምሃር ዓይነታት ትምህርቲ (ንኣብነት ኣብ ተፈጥሮን ሕብረተሰብ ሳይንስን) ብክልቲኡ ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ኖርወይኛን ይዋሃብ"
- በዚ መልክዕ ዘይተረደአካ ወይ መብርሂ ኣትደልየሉ ብቐሊሉ ክበርሃልካ ይኽእል"
- በዙሕ ቋንቋ ምምሃር ንኩሉ ዓይነት ትምህረቲ ይጠቅም"
- እዚ ትምህርቲ እዚ ኣብ ትምህርት ቤትኩም ክወሃብ ይጋባእ"*

** እንድሕር ብኣፍ መፍትሒ ቋንቋኻ ክምህርካ ዝኽእል መምህር እንድሕር ዘየለ ወይ ድማ ክልተን ካብኡ ንላዕሊ ብዝኾነ ቋንቋ ዘምህር ዘየለ ካልእ ትምህርቲ ንስኻ ብእትደልዮ ዝተመሓየሸ ትምህርቲ ይወሃበካ"*

# ፍሉይ ክትትል ን ናይ ቋንቋ ፀገም ዘለዎም



ናይ ቋንቋ ፀገም ከም ዘለዎም ሰባት ንኻልኦት መማረፅታት ክተመልክት ይግባእ"

- **ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ኣብ ትምህርቲ ምጥቃም**
  ፍሉይ ቋንቋ ወይ ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕድል እንተሃሊካ ከባቢ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕድል መሰል ኣለካ ማለት እዩ"
- **መእተዊ ዓመት ን ናይ ቋንቋ ፀገም ዘለዎም ኣመልከቲ(መእተዊ vg1)ቅድሚ ናብ ልሙድ vg1 ምምዝጋቦም**
  ሓደሓደ ካውንቲታ ቀዋሚ ላዕለዋይ ካልላይ ብርኪ ትምህርቲ ምጅማሮም ቅድሚ መእተዊ vg1 የቕርቡ። ክሳብ ናይ ሰለስተ ዓመት ትምህርቲ ዝኾነ ይኹን መሰልኩም ኣይትጥቐሙ። መእተዊ ኮርስ ኣብ ዝተፈላለዩ ምድባት ወይ ጉጅለታት ይወሃብ።
- **ናይ ወፃኢ ዝኾነ ቋንቋ ትምህርቲ ብ ናይ ዓድኹም ቋንቋ ምርመራ ንምትካእ**
  እዚ ናይ ወፃኢ ቋንቋታት ናይ ግዲን ኣብ ዝኾነሉ ፕሮግራማት ይትግበር።
- **ኣብ ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ፕሮግራም ናይ ትምህርቲ ዓይነት ንምጥቃም ብኖርወያንን ኢንግሊሽን ትምህርቲ ምጥንኻር**
  እዚ ን 280ሰዓታት ዘገልግል ንሰለስልተ ዓመታት ክስፋሕፋሕ ዝኽእልን እዩ።

# ን ወለድቲ/ሓብሓብቲ

ወዶም ወይ ጓሎም ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ናይ ምምራፅ ዓብዪ ፈተና ይፅበዮም" ወለዲ ብዛዕባ ደቆም እንታይ ከም ዝኾኑ ክሓስቡ ይኽእሉ - ነገር ግን እቶም ወጣታት ዘለዉ መማረፂታት ፈቲሾም ናይ መፃኢ ድልየቶምን ትምኒቶም መሰረት ብምግባር ግላዊ ምርጫኦም ክመርፁ ኣለዎም" ከም ወላዲ መዘራርብቱን ወሃቢ ምኽሩን ናይ ምዃን ሓላፍነት አለኩም" ብዝሓሸ መንገዲ የኣናእሽተይኩም ንምሕጋዝ፣ ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ዘለዉ ሓበሬታታት ብጥንቃቑ ክተንብቡ ኣለኩም"

# ናይ ገንዘብ ኣተሓሕዛ-ን ናይ ዝለዓለ ካልአይ ብርኪ ትምህርቲን ስልጠናን ዝኸፍል መን እዩ?

ትምህርቲን ስልጠናን ኣብ ህዝባዊ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ቤታታን ኣብ ስልጠና መዋቕርን ብነፃ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ዓርሱ ዝኸኣለ ትምህርቲ ቤት(ናይ ግሊ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ቤት) ናይ ትምህርቲ ቤት ገንዘብ ክኸፍሉ ኣለዎም።

እዞም ቀፂሎም ዘለዉ ኣሰራርዓታት ን ኩሉ ተምሃራይ የገልግሉ:

- ዝተጸሓፉን ዲጂታል ኣመሃህራ ረዲኢታትን ዲጂታል መሳርሕታትን ነፃ እዮም፣ ኣብ ክልቲኦም ናይ ህዝባዊ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲን ኣብ ናይ ግሊ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርተታትን ን ናይ ህዝባዊ ፈንድዳት ዝግብኦም።
- እዚ ትምህርቲ ቤት እንድሕር ኣመሃህርኡ ኣብ ገዛን ትምህርቲ ቤትን ኮምፒዩተር ክጥርንፎም ደልዩ፣ እዚ ትምህሪቲ ቤት ላፕ ቶፕ ክህቦም ኣለዎ። እዚ ትምህርቲ ቤት ነዛ ኮምፒዩተር ዓመታዊ ፕሪምየም ከኽፍለኩም ይኽእል።

ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ክወሃቡኹም ዝኽእሉን ናይ ኣሰራርዓ ሓገዝ ከንብቡን ይኽእሉ። በጃኹም እዚ መጠንን ሕጊን ን 2020-2021 ዘገልግል ሙዃኑ ዘክሩ።

## መሳርሒ ፈቓድ

ኹሉ ተምሃሪ ናይ ከም መንእሰይ ናይ መሳርሒ ናይ ምልቓድ ፈቓድ ሕጊ መሰል ኣለዎ።

- ተምሃሮ ወለዶም ክንደየናይ ኣታዊ ከም ዘለዎም ብዘየገድስ ረድኤት ክረኽቡ ኣለዎም።
- ተምሃሮ ን መሳርሒ እርዳት ክምዝገቡ ከለዉ፣እ ቲ መለቐሒ በቀጥታ ናይ ካልኦት ረዲኤት ከም ዘለዎም የረጋግጽ።
- ናይ እቲ ረዲኤት መጠን ኣበየናይ ትምህርታዊ ፕሮግራም ይምስረት፣ ካብ NOK 1,071 እስካብ NOK 4,412.

- ተለማማዲ፣ ስልጠና ተወዳዳሪን ተግባራዊ ስልጠናን ምስክር ወረቐት ተወዳደርቲ ናይ መሳርሒ እርዳታ ኣይረኽቡን እዮም።

## ናይ ገዛ ረዲኤት

ተምሃራይ ካብ ገዛ ናይ ትምህርቲ ቤት ክሽድ እንተኾይኑ፣ ናይ ገዛ ረዲኤት ካብ NOK 4,603 ብ ወርሒ ናይ ገዛ ረዲኤት ካብ ልቓሕ ፈንድ ክረክብ ይኽእል እዩ። እዚ ረዲኤት ንምርካብ፣ እዚ ተምሃራይ ንዞም ቀጺሎም ዘለዉ ከማልእ ኣለዎ:

- እዚ ትምህርቲ ቤት ካብ ቤተ ሰብ ልዕሊ 40ኪሎሜትር ክኾን ኣለዎ።
- ጠቕላላ ጉዕዞ ሰለስተ ሰዓት ወይም ልዕሊዑ።
- ዝተፈለየ ምኽንያት ኣለዎም ኣብ ትምህርቲ ግዜ ኣብ ገዛ ንለይምንባር።

እዚ ረዲኤት ን ለማጅነት& ናይ ሕፁያት ስልጠናን ናይ ሕፁያት ተግባራዊ ስልጠናን ካብ 2020 -2021 ተፈቲኑ ማለት እዩ። እዚ ማለት ሓደ ሰብ ልዕሊ NOK 14,936 ብወርሒ እንተኮይኑ እቲ ረዲኤት ቀስ ብ ቀስ እንዳቀነሰ ይኸድ።

## መሰረታዊ እርዳታ

መሰረታዊ እርዳታ ማለት ስጦታዊ እርዳታ ን ናይ ተምሃሮ ወጪታት ካብ ትሑት እቶት ዘለዎም ቤት ሰብ ዝወጽ። መሰረታዊ እርድታ ዝረኽቡ ኣብ ወርሒ NOK 3,344 ክረሕቡ ይኽእሉ ተወሳኺ ኣብ lanekassen.no/ የንብቡ።

## ካልኦት ረዲኤታትን ፈቓዳተን

ተምሃሮ& ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ስልጠናን ለማጅነትን ሕፁያት ካብ እቲ መለቀሓይ ኣካል ልቓሕን ካልኦት ረዲኤታትን ክሓቱ ይኽእሉ" ኣብ www.lanekassen.noተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ። ናብ ብዙሓት ረዲኤታትን ናይ ትመህርቲ ሓገዛትን& ንዝበለፀ ትምህርቲ& ባህልን ፅንዓትን ከምኡ ውን ማሕበረ ሰባዊ ሓገዝ ምምልካት እውን ይከኣል እዩ" www.legathandboken.no, ወይም ድማ ኣብ ላይብላርይ ወይ ኣብ መጽሓፍ መደብር ይጠይቑ"Legathåndboken" *(ኖርወያን ጥራሕ)*። ይመልከቱ

# ነቲ ወጣት ሓላፍነት ክስሞዓ ሓግዝዎ



ከም ወላዲ ትምህርቲን ስራሕን ኣብ መምራፅ እንትውን ንእቶም ቆልዑት ጠቓሚ መዛርብቲን መማኽርቶምን ኢኹም" ምናልባት ክተካፍልዎ እትደልዩ ናይ ትምህርቲ ተሞክሮ ወይ ኣብ ስራሕ ሂወት ዘጋጠመኩም ወይ ፍልጠት ክህልወኩም ይኽእል" ናይ እቶም ወጣታት ክእለት& ተሰጦ& ጠንካራ ጎኒን ድልየትን ከማኹም ዝፈልጥ የለን" ቀለ እንተኾነ ግን& ደቅኹም ወኪሎም ክመርፁ ኣይትኽእሉን"

## ብኸምዚ እዩ ንደቅኹም ፅቡቕ መኻሪ እትኾኑ

ንደቆም ፅቡቕ መኻሪ ንምኳን& ነቲ ወጣት ናይ እቲ ኣትኩሮት ማእኸል ክትገብርዎም ኣለኩም ከምኡ ውን ብዛዕባ ትምህርቲን ስራሕን ብዝምልከት ንሓሳባቶምን ትምኔቶምን ብፅንታ ክትሰምዕዎ ኣለኩም" ኣብ ናይ መኻሪ ግደኹም

ዝተወሰኑ ምኽሪታትን ፍንጨጠታትን እንህውልኩም:

- ብዛዕባ ኩነታቶም ንናይ ደቅኹም ሓሳባት ፅን ኢልኩም ስምዑ ከምኡ ውን ናይቶም ወጣታት ኣረኣእያ ኣኽብሩ"
- ዝተፈላለዩ መማረፂታት ክጉብንዩ& ክሓስቡን ክስተንትኑን ግዘ የብዎም"
- ነቲ ወጣት ከም ዓርሱ ዝኽእልን ሓላፍነት ዝወስድን ገይርኩም ከም እትሪእዎ ንገርዎ"
- ናይ ዓርስኹም ትፅቢታት ንድሕሪት ይበሉ"
- እቲ ምርጫ ቀስ ኢሉ ክዓቢ ምእንታይ& ነቲ ዝርርብ ብኣጋ ጀምርዎ
- ቀጥተኛ ዝኾነ ሕቶ ንምሕታት ኣይትፍርሑ ነገር ግን ነዚ ምርጫ እዚ ዝመረፀሉ ምኽንያት ስምዑ"
- እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናይ እቲ ወጣት ሓላፍነት ይኹን"

ናይ ሓደ ሰብ ናይ ትምህርቲ መፃኢ ምውሳን ዓብዪ ነገር እዩ" ብዙሓት ህፃናትን ወለዲን እዚ ውሳነ ምውሳን ከም ከቢድ እየም ዝርእይዎ" እቲ ናይ መጀመርያ ውሳን ስሕተት ኾይኑ ተተረኺቡ ካልእ ምምራፅ ይከኣል እዩ re-selection.

# ሓበሬታ ኣበይ ምርካብ ትኽእሉ?



ፅቡቕ መማኸሪ ንምኻን&ናይ እዚ ግዘ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ክልቴኽም ክትፈልጡ ኣለኩም" ብብዙሕ መንገዲታት ተዛማዲ ሓበሬታ ምርካብ ትኽእሉ:

- ታሕተዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ብዛዕባ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ& ናይ መፃኢ ናይ ስራሕ መማረፂታትን እቶም ቆልዑት ካብ ቤት ትምህርቲ ዘምፅእዎ የዓልዉ እዮም"
- መብዛሕትኡ ግዘ ናይ ወለድን/ሓብሓቢን ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት አለው
- ናብ «ክፍቲ መዓልትታት» ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትመህርቲ ወይ ድማ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዝግጅታት ክትመፁ ትኽእሉ"
- ብተወሳኺ ነቲ ናይ ትምህርቲን ሞያን መማኸሪ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ መማረፂታት ንምዝርራብ ንውልቃዊ ዝርርብ ምሕታት ትኽእሉ
- ብዛዕባ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ vilbli.noክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም"

# ናይ ትምህርቲ ቤትን ገዛን ምትሕብባር



ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምስ ናይ እቲ ትሕቲ ዕድመ ህፃን ወላዲ እቲ ዓመት ክሳብዝውዳእ ምርኻብ ትኽእሉ" እዚ ዝካየደሉ ቦታ:

- ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመት ሓበሬታ ጠቓሚ እዩ"(Vg1 and Vg2).
- ምስ እቲ ተረካቢ መምህር ዘርርብ (Vg1 and Vg2).
- ብዛዕባ መሰል ሓበሬታ
- ኣብ ናይ ቆልዑ ዘይምህላው ሓበሬታ ምሃብ
- ካልኦት ብዛዕባ እቲ ተመሃሪ ክፈልጡዎ ዝደልዩዎ ነገር

እቲ ተምሃሪ 18 ዓመት ምስ መልአ& እቲ ተምሃሪ ከይፈለጠ ምስ ወላዲ ምርኻብ ኣይከኣልን።